ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
INORMATION & CULTURAL OFFICE
ensf.info@gmail.com

# ዜናታት ሃገር

## ኣብ ወጻኢ ናይ ዝነብሩ ኤርትራውያን ትካላት ይዕሸግ ኣሎ!!










- ኣስመራ

ብመሰረት ሕጊ ህግደፍ 2% ዘማልኡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን፣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ትካል ዘለዎምን እና ተመላለሱ ከኣ ዘመሓድርዎን፣ ስርዓት ህግደፍ ትካሎም ብምዕጻው፣ ናብ ታዕሊም ክኸዱን፣ታዕሊም ምስ ወድኡ ድማ ከዓጥቁን፣ የገድዶም ምህላዉ፣ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ኣስመራ ዘመሓላልፍዎ ዜናዊ ጸብጻብ ኣረጋገጹ።

ኣብ ወጻኢ ዝነበር ዝኾነ ኤርትራዊ፣ ኣብ ሃገር 3 ኣዋርሕ እንተደኣ ተቐሚጡ፣ ንታዕሊም ክኸይድ ኣለዉ ዝብል ሓድሽ ሕጊ ወጺኡ ምህላዉ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ። ዋላ'ውን ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩን፣ 2% ከኣ ዘማልኡን፣ ትካል ሃልይዎም ብኻልኦት ከመሓድርዎ ዝርከቡ፣ እዚ ትካላት'ዚ ይዕሸግ ምህላዉ ብስእሊ ዝተሰነየ ጸብጻብ ካብ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገር በጺሑና። ብርእይቶ ኣባላትና፣ እዚ ውሳነ'ዚ፣ ጉጅለ ህግደፍ፣ ነቶም ምሉእ ብምሉኡ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሩ ከእትዎም ዘይከኣለ ዜጋታት ንምቊጽጻርን፣ ከምኡ'ውን ካብ ገባቲ ባህርይኡ ነቒሉ፣ ሰባት ጽዒሮም ዘጥረይዎ ንብረት ንምዝራፍን ዝዓለመ ስልቲ ምዃኑ ገሊጾም። ዳርጋ 15 ዝኸውን ትካላት ኣብ ኣስመራ ጉጅለ ህግደፍ ዓሺግዎ ምላዉ እቲ ጸብጻብ ኣረጋገጹ። እቶም 2% ዝኸፍሉን፣ ንሃገር እንዳ ተመላለሱ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ትካላቶም ከማሓድሩ ዝጸንሑን፣ ዳርጋ ብምሉኦም ተደናገጽቲ ናይ'ቲ ስርዓት'ኳ እንተኾኑ፣ ምልካዊ ጉጅለ ህግደፍ ግን ገንዘቦም ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ነብሶም'ውን ሰል ዘድልዮ፣ ኣብ ወትሃደራዊ መዳያት ኣሰልጢንይ ከዕጥቖም ይሸባሸብ ምህላዉ፣ እቲ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ

ብተመሳሳሊ፣ ብጉዳይ ዘይሕጋዊ ግብሪ 2% ብዝምልከት፣ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ






ዝነብሩ ዜጋታትና፣ ዘይተኣደነ ጸቕጢ ይገብር ምህላዉ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣፍሊጡ። ኣብ ኣቡ ዘቢ ብዝርከብ ኢምባስን፣ ኣብ ዱባይ ብዝርከብ ቁንስላዊ ቤት ጽሕፈትን፣ ሓዲሽ መምሪሒታት ተዘርጊሑ ምህላዉ ተሓቢሩ። ነፍሲ ወከፍ ትካል ዝውንን ኤርትራዊ እቶቱ ዘርኢ ናይ ባንኪ ሰነድን ናይ ስራሕ ፍቓዱን ከምጽእ፣ ከምኡ'ውን እቲ ሰሪሑ ዝኣቱ ውልቀ ሰብ፣ ናይ ስራሕ ኩንቱራትን እቶቱ ዘርኢ ሕጋዊ ሰነድን ከቕርብ ተሓቲቱ ምህላዉ ተረጋጊጹ። ብኡ መሰረት ድማ፣ እቲ ዝኸፈል ብዝሒ ገንዘብ ብወከልቲ ህግደፍ ክውሰን ምዃኑ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኢማራት ዓረብ ትእዛዝ ተመሓላሊፍሎም ምህላዉ እቲ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ።

ኩነታት መነባብሮ ዜጋታትና ኣብ ግምት ዘይወሰደ ውሳነ ጉጅለ ህግደፍ፣ ንብዙሓት ኤርትራውያን ኣሰንቢዱን ብዙሕ ምዕዝምዛም ኣኸቲሉን ከም ዘሎ ነዚ ጉዳይ ብቐረባ ዝከታተሉ ተዓዘብቲ ሓቢሮም።

"ቡዳስ ብፈታዊኡ ይጅምር" ከም ዝበሃል፣ ዋላ'ውን እቲ ዘይሕጋዊ ውሳነ ምእምራር ግብሪ 2% እንተማላእካ፣ ካብ ገባትን ዓማጽን ኣካይዳ ጉጅለ ህግደፍ ከተምልጥ ስለ ዘይካኣል፣ ብሃገሩን ብህዝቡን ዝሓስብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ፣ ነዚ ኢደወንናዊ ፖሊሲ'ዚ ክቃወምን፣ ኣብ ጎድኒ ደለይቲ ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ብምስላፍ፣ ሃገራዊ ግቡኡ ክካይድን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሃገራዊ ጻዊዕት የቕርብ።

- ## ባርንቱ፡

ስርዓት ህግደፍ፣ ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ ኣቶ ፍሰሃየ ሃይለ ካብ መዝነቱ ብምውራድ፣ ናይ ገዛ እሱር ገይርዎ ምሃላዉ ካብ ውሽጢ ሃገር ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ። ጉዲም ተጋዳላይ ፍሰሃየ ሃይለ (ብፍሰሃየ ኣፍሮ ዝፍለጥ)፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ደቂ ኩናማን ናራን ብኣዛዚ ግንባር ምዕራብ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ) ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕን በደልን ብምቅዋሙ ኢዩ ካብ ዝነበሮ ሓልፍነት ዝወረደን፣ ናይ ገዛ እሱር ክኸውን ዝተበየነሉን ክብሉ ምንጭታት ግሃድኤ ካብ ምዕራብ ኤርትራ ሓቢሮም። ንፍሰሃየ ኣፍሮ ካብ መዝነቱ ድሕሪ ምውራድ፣ ስርዓት ህግደፍ፣ ምክትሉ ንዝነበረ ዑመር መሓመድ ዓብዱልቓድር ዝተባህለ፣ ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ገይሩ ሸይምዎ ከም ዘሎ እቲ ዜና ብተወሳኺ ኣርጋጊጹ።

ፍሰሃየ ኣፍሮ፣ ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ፣ ኣብታ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤን፣



ካብ 2001 ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኑ ዘሎን፣ ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ዝመርሓ ኣብ ዝነበረ ኣሃዱ 72 ጉጅለ ፈዳይን (ደባይ ተዋጋእቲ)፣ ኣባል ከም ዝነበረን፣ ድሕሪ ናጽነት ከኣ፣ ዋና ሓላፊ ጉምሩክ ኤርትራ ኮይኑ ዘገልገለን ኢዩ። ኣገባብ ምሕደራ መንግስቲ ህግደፍ ደስ ይብሉ ከም ዘይነበረን፣ ብዙሕ ምዕዝምዛምን ነቐፌታን የርኢ ብምንባሩን፣ ፍሳሃየ ኣፍሮ ብጉጅለ ህግደፍ ከም ዝድስክል ኮነ። ነዊሕ ዓመታት ድሕሪ ምድስካሉ፣ ብ2014 ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኮይኑ ተመደበ።ከም'ቲ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮ ኣመሓዳሪ ኣብ ዝነበረሉ፣ ምስ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ማንጁስ፣ ብቐጻሊ ኣብ ግርጭት ከም ዝነበረ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም።

- ## *ደቡብ ኤርትራ፡*

ጭካነ ስርዓት ህግደፍ ቀይሕ መስመራት ሰጊሩ፣ ንህዝብና ናይ ምብስባስ ተግባራቱ ሳዕሪሩ ምህላዉ ካብ ኤርትራ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊጹ። ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፣ ካብ ግፍዒ ጉጅለ ህግደፍን ካብ ሕሱም መነባብሮ ንክገላገሉን፣ ይርህወና ዶ ካብ ዝብል ተስፋን፣ ስግረ ዶብ ከይዶም ዑቕባ ክሓቱ ዝሃቀኑ ብዙሓት ኤርትራውያን ብጸጥታ ስርዓት ህግደፍ ከም ዝተታሕዙ ተፈሊጡ። ነቶም ዝተታሕዙ ደቂ ተባዕትዮ ኣሲሩ፣ ነተን ኣዴታት ድማ ኣብ መደበራት ስራዊቱ፣ መግቢ ክሰርሓን ከም ከደምቲ ከገልግላን፣ ነቶም ሒዞሞም ዝሰደዱ ዝነበሩ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ደቆም ከኣ፣ ኣኪቦም ናብ ናቕፋ ከም ዘብጽሕዎም፣ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኤርትራ ኣረጋጊጾም።

ከምዚ ዓይነት ውሳኔ ክውሰድ ኣቐዲሙ ተመዲቡ ምንባሩ ዝተፈልጠ ኮይኑ፣ ሕጂ ግን ጉጅለ ህግደፍ ዲግዲጊት ተዓጢቑ ተደራራቢ ወጽዓን ኢ ሰብኣዊ ኣተሓሓዛን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከውርድ ጀሚሩ ምህላዉ ክረጋገጽ ተኻኢሉ።

*" ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ" !!*

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
06/02/2017